# ዓመታዊ ኣኼባ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ን/ጨ ሰሜን ጀርመን
# 1 ይ ክፋል ብዕለት 06.12.2014 ከተማ ከለን ትኻይዱ

ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ን/ጨ ሰሜን ጀርመን "ምሕያል ህዝባዊ ግንባር መድረኻዊ ተልእኮ " ብዝብል ቴማ ብዕለት 6.12.2014 ኣብ ከተማ ከለን ምስ ጉጅለታት ኖርድ ራይን ቬስትፋለን ወከልቲ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጀርመንን ኣብ ዝተቓንዐ ዓመታዊ ኣኼባ ፡ መደብ ኣቦ ወንበር ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ከለን ኣቶ ዓብደላ ኢብራሂም ፡ መደብ ብዝከረ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲን ርሑስ ቅነ ብዓላት ምንዮትን ብድሕሪ ምቕራብ ወግዓዊ መደብ ጀሚሩ።

ቀጺሉ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ኣብ ሓፈሻዊ ህልው ኩነታት ሃገርን ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ብህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ዝሰላሰሉ ዘለዉ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ዓወታትን ፡ ዝጽበዩና ዘለዉ ብድሆታትን ኣመልኪቱ መግለጺ ሂቡ። ኣሰዒቡ ምቅርራባት ምቕያር ሓድሽ ወረቐት መንነት ተዛዚሙ ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝወሃበሉ ግዜኡ ይቃረብ ከምዘሎን ፡ ኣብ ቆንስላዊ ኣገልግሎት'ውን ንተገልጋሎ ዘጓንፍ ጸገማት ብምልላይ፡ ርእዮታት ህዝቢ ኣብ ግምት ብምእታው ካብ ሕሉፍ ጌጋታት ብምእራምን ፡ ህዝቢ ዝረብሓሉን ተገልጋሊ ስሉጥን ጽፉፍን ዝሓሸ ኣገልግሎት ዝረኽበሉ ኣገባባት ብምትእትታው በብእዋኑ እናተመሓየሸ ክኸይድ ጻዒሪ ይካየደ ከምዘሎ መብርሂ ብድሕሪ ምቕራብ ፡ ብቀጻሊ ካብ ኣባላት ዝቐረበ ሕቶታት ብምምላስ ሰፍሕ መረዳእታ ብድሕሪ ምቕራብ ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ን ኣባላት ግንባር ንዓነፎም ብድሆታት ድልዋት ንኹኾኑን ኣብ ኩሉ ንጥፈታት መሪሕ ኾይኖም ንኹሉ ተጻብኦታት ንምፍሻል ተርኦም ክዕብዩ ከመዘለዎም ብምዝኽኻር መግለጺኡ ዛዚሙ።

ብድሕርዚ ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ወኪል ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ዓመታዊ ጸብጻብን ገምጋም ናይ ነፍስወከፍ ጉጅለን ብድሕሪ ምቕራብ ፡ ኣብ ዝተሰላሰሉ ዓወታትን ፡ ዝተራእዩ ሕጽረታትን ብዝርዝር ብምንጽጻር ፡ ምስ ኣባላት ጉጅለታት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኖርድ ራይን ቬስትፋለን ኣብ ዝተኻየደ ዘተ ኣብ ን/ጨንፈሮም: ከካይድዎ ዝጸንሑ ሓፈሻዊ ስራሓት: እወታውን ኣሉታውን ሜዳያት ዘትዮምን ገምጊሞም ። ኣኽበኖታት ውድባዊ ዓቕምታት ዘደንፍዕ ሃነጽቲ ኣገደስትን ርእዮታት ብድሕሪ ምቕራብ ፡ ተሪፎም ዘለዉ ዕዮ ገዛ ኣብ መፈጸምትኦም ንኽበጽሑ ብምርድዳእ ፡ ኣብ 2015 ዓ.ም. ብዝሓየለ ጥርናፈን ውድቤን ንጥፈታትን ዓቕሚ ህዝባዊ ግንባር ዘሓልሉ ቃል ኣተዉ። ኣብ መደምደምታ ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ህዝባዊ ግንባር ትማሊ ሎሚ ጽባሕ ፡እሙን እቲ ዘይንቅነቕ ሃገራዊ ሓይሊ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። እዚ ሓይሊ'ዚ ከኣ እዩ ንደርማስ ተጻብኦታት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ስርዓት ወያነን ኣላሽ ኣቢሉ ስልጥንትን ሰላም ዝዓሰላ ርግእቲ ሃገር ኣብ ምህናጽ ለይትን መዓልትን ከይበለ ብትካቦ ዘይኮነስ ኣብ ጉልበቱን ብቕዓቱን ኣብ ገዛእ ነፍሱ ኣሚኑ ደም ረሃጹ እናከፈለ ዓቢ ሰረት ናይ ምዕባለ ዘንብር ዘሎ መሪሕ ውድብና ፡ ንምሕያሉ ናይ ነብስ ወከፍና መድረኻዊ ተልእኮና'ዩ ክብል ተላበወ።

ሰዒቡ ኣባል ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ሓላፊ ጉዳያት መንእሰያት ኣቶ ቴድሮስ ጐይትኦም ፡ህዝባዊ ግንባር ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘፍረዮ እቲ ዝበቕዕ ውዳበ ስለዝኾነ ከኣ፡ ምርግጋጽ ቀጻልነት ቃልሲ ንምህናጽ ሃገር ምምዕባልን ምድልዳልን ዝካየደ ዘሎ በቶም መስዋእቲ ዝኸፍሉን ብቃልሲ ናይዞም ከማኻትኩም ገዳይም ኣባላት ግንባር ብጽናዓት ደኺምና ከይበልኩም ኣብ መትከልኩም ጸኒዕኩም እትቃልሱ ዘሎኹም ወለድና ፡ ናትኩም ፍረን ወረስትን ብምዃና ንሕና ደቅኹም ዓቢ ሓበን ይስምዓና በለ። ቀጺሉ ህዝባዊ ግንባር፡ ንረብሓን ባህግታትን ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ መብጽዓ ኣኽቢሩ፡ ናጽነት መስመሩ ሓልዩ፡ ንኽብርታትን መትከላትን ሰውራ ኣጽኒዑ፡ ብሓይሊ ሓሳባትን ብቕዓት ስራሕን ተካኢ መንእሰይ ወለዶ እናመልመለ፡ ካብ ተመኩሮኡ እናተማህረን እናማዕበለን፡ ብቑዕ መሪሕ ውድብ ንምህናጽ ሃገር ንክኸውን ቃልሱ ይቕጽል ኣሎ ፡ ዓወታቱ ድማ እናጎልሐ ይኸይድ ምህላዉን ገለጸ።
እዚ ድማ ፍረ ጻዕሪ ናይቲ ተባዕን ሓያልን ዝኮነ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጽላል ዘይሕለል ውድብ ፡ኣብ ሃገርና መተካእታ ዘይሉ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ብምጥርናፉ እዩ ፡ ስለዚ ዓወትና ቀጻሊ ህይወት ክህልዎ ንህዝባዊ ግንባር ብግብርን ምሉእ ሕልናናን ንኽነሐይል ናይ ወረስትን ተካእትን ዝኾኑ ደቅኹም መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ከማኹም ዕዉታት ንኽኾኑ ምሉእ ምትሕብባርኩም ንኽግበረሎም ኣቶ ቴድሮስ ጐይትኦም ንተሳተፍቲ ረዚን ሓላፍነት ሂቡ።

*በዚ ኣጋጣሚ ኣብ ኣኼባ ካብ ተረኸበ ሸማግለ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጀርመን  ኣቶ መርሃዊ በየነ ዝሃቦ መግለጺ ፡ ኣብ ምምስራትን ዕላማን ኣቃውማን መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣቶኪሩ ሰፊሕ መግለጺ  ኣቕረበ። እዚ ምንቕስቓስ መንእሰያት ህዝባዊ ግንባር ቅድሚ ትሽዓት ዓመት ኣስታት 70 መንእሰያት ኣብ ጀርመን ዝተበገሰ ሎሚ ናብ 800 ዝኣባላታ  ኣብ ዝተፈላለየ ዋዕላታት ኤውሮጳ ተጋቢእ ዘላ ፡ ኣብ መጀመርታ መሰረታዊ ዕላማ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ናይ ስደት ሂወቶም መንነቶምን ባህሎምን ዓቂቦም ክቕጽሉን ነቲ ኣነ መን ኢየ ንዝብል ሕቶ ንምምላሽ ኮይኑ ቀጺሉ ንዝለዓለ ደርጃ  መንእሰያት ህግደፍ፡ ምህናጽ ሓያል፡ ንቑሕ፡ ዝተወደበን ሃገራዊ መንእሰይ ምኳኑ እዩ። ቀጺሉ ንኣገባር ኣሰራርሓ፡ ዘለዋ ናይ ስራሕ ኮሚቴታትን መደባትን ንተሳተፍቲ ብዝርዝር ኣረድኤ።*

*ብምቕጻል ኣደ መንበር  ዋዕላ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ.ወ/ት ሰምሃርን  ተኸስተ ኣብ መግለጺኣ ፡ንመበል 11 ግዜ ኣብ 2015 ዝጋብእ ዘሎ ዋዕላ ኣብ ጀርመን  ሰፊሕ መብርሂ ሃበት። ብተውሳኺ ዕላምኡ ቀጻልነትን ምውርራስን ከም ዝኾነን ከምኡ ውን ናይ ሓባር ዘተ፣ ዎርክሾፕ፣ ስእላዊ ምርኢት፣ ፖሎቲካዊ ትምህርቲን ምዝንጋዕን መደባት ዝሓዘለ ኮይኑ መንእሰያት ኣብ ምውዳብን ፍቕርን ስኒትን ኣብ መንእሰያትና ከም ዝሓድር ምግባርን ተልእኾ ኣለዎ። ዝምድንኡ ምስ ሃገርን ቤት ጽሕፈታት ኣብ ደገን ድልዱል ከም ዝኾነ ውን ተገሊጹ።  ነዚ ብቐጻሊ ልዑል ውዳበን ተሳታፍነት መንእሰያት ዘርኢ ዘሎ ምንቕስቓስ፡ ብዝያዳ ዕዉት ንኽኸውን ናይ ኩሉ ሃገራዊ ዜጋ ብፍላይ ድማ ሓላፍነትን ምሕብሓብን ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ስለዝኾነ፡ኣብ ቁጠባውን ሞራላውን ኣበርክቶ ብዝሓየለ ክሰርሑ ኣዘኻኺረት።*

*ቀጺሎም መንእሰያት ህ.ደ.ፍ. ከለንን ከባቢኣን መንእሰይ ዮዲት ሃይለን መንእሰይ ዘመንፈስ ተኸለዝጊን ብወገኖም ኣብ መንእሰይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኮይና መንነትና ነስተማቕረሉን  ፡ ጉዳይ ሃገርና ብዝያዳ ንመሃርን ንፈልጠሉን ንከታተለሉን ብምኳኑ ኣብ ዕለታዊ ጉዕዞን ክይተረፈ ዝሕግዘናን ሪእሰ ተኣማንነትና ዝዓብየሉ ባይታ እዩ። ናይዚ ዘሕብን ተረኪብቲ ሕድሪ ሃገር  ምኳና ዓቢ  ሓበን ይስምዓና። ኣሰር ኣብነት ኮይኖም ናጽነትን ክብረትን ሓበንን ኣልቢሶ ሰማእታናን ፡ ኣብ ቃልሲ ሃገር ዝርከቡ  ወለድናን ዓበይቲ የሕውትናን ብምኽታል ኣብ ዘሎናዮ ከባቢታት ምስ ዘሎዋ ውዳባኤታት ሓቢርና ክንሰርሕ ድማ ድላዋት ኢና ክብሉ ድልውነቶም ኣተሓላልፉ። ወሰዲ ድማ ደቆም ኣብላት መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ንኽኾኑ ንኽተባብዑ ሓብሩ።*

*ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ኣብ ዕላማ ብምጽናዕ ብንሒን ሃገራዊ መንፈስን፡  ብውህደት ክሰርሑ ምኳኖም ቃል ብምእታው ፤ መንእሰያት ዘካይድዎ ዘለዉ: ስራሓት:ብግብሪ ተካእቲ ወረስቲ ሕድሪ ምኳኖም ብግብሪ የረጋግጹ ስለዘለዉ ኣኼበኛታት ሓበኖምን ሞጎሶምን ገሊጾም።*

*ዘለኣለማዊ ዝክሪ ንሰምእታትና*
*ዓወት ንሓፋሽ !*

*ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን*
*ን/ጨንፈር ሰሜን ጀርመን (1ይ ክፋል)*
*ከለን  ኖርድ ራይን ቬስትፋለን*
*ዕለት  06.12.2014*